UNITED NATIONS
HUMAN RIGHTS COUNCIL

# ንዓለም-ለኸ ኮምሽን ክኢላታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ ዝምልከት ዝተወሃበ መግለጺ

**23 ነሓሰ 2014**

እዚ ዓለም-ለኸ ኮምሽን ሰብ ሞያታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኢትዮጵያ በቲ ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ከምኡ'ውን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ብዛዕባ እቲ ከም በሓዱሽ ተወሊዑ ዘሎ ኩናት ሕጉስ ኣይኮነን። ከምዚ ዝበሉ ውግኣት ኣብቲ ክልል ናይ ዘለው ሰለማውያን ሰባት ኩነታት ናብ ሓሳረ መከራ ዘእትውን ከምኡ'ውን ናብ ዝለዓለ ብራኸ ናይ ምውሳድ ሓደጋ ኣለዎም። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ብፍላይ ኣብ ክልል ትግራይ ከተማ መቀለ ኣብ መጻወቲ ማእከል ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ሰባት ዝወረደ ሞትን መቑሰልትን የተሓሳስበና እዩ። ካልእ በቲ ከምበሓዱሽ ተወሊዑ ዘሎ መጥቃዕቲ ኣብ ክልል ኣምሓራ ከተማ ቆቦ ሰለማውያን ሰባት ታርጌት/ማእኸል ተገይሮም ዝብል ክሲ ውን የተሓሳስበ እዩ። ኩሎም ኣካላት ኩናት ደወ ኣቢሎም ናብቲ ነፍስወከፎም ዝተቀበልዎ ናይ ዝርርብ መስርሕ ብቑልጡፍ ንክምለሱ ንጽውዕ። ካልእ ብተወሳኺ ንገበርቲ ሰናይ ትካላት ከምኡ'ውን ንውድብ ሑቡራት መንግስታት ናይ ሰብኣውነት ሓገዛት ብዘይ ዓንቀፍቀፍ ንኸከፋፍሉ 'ውን ይጽውዕ። ሰብኣዊ መሰላት፥ጥዕና፥ ከምኡ'ውን ናይ ሰለማውያን ሰባት ድሕንነት ናይ ኩሎም ኣካላት ልዕሊ ኩሉ ናይ ግድን ቅድምያ ዝህብዎ ጉዳይ ክኸውን ኣለዎ።